Tigrinja

## ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ተርጎምቲ ብዘይምጥቃሞም ጥርዓን ኣሎኩም'ዶ?

Fylkeslegen (**ሓኪም ናይቲ ዞባ**) Helsetilsynet (**ተቖጻጻሪ ጥዕና**) **ኣብቲ እትነብሩሉ ዞባ** (www.helsetilsynet.no)
Pasient- og brukerombudet (**ተኸታተልቲ ሕሙማትን ተጠቀምትን**) **ኣብቲ እትነብረሉ ዞባ** (www.pasientogbrukerombudet.no)
Sivilombudsmannen (**በርጌሳዊ ተኸታታላይ**)( **ቴሌ**: 22 82 85 00 **ግሮንት ኑመር (ቀጠልያ ቁጽሪ)**: (+47) 800 800 39
Likestillings- og diskrimineringsombudet (**ተኸታተልቲ ማዕርነትን ኣድልዎን**) **ቴሌ**: 24 05 59 50
Organisasjonen Mot Offentlig Diskriminering (**ማሕበር ኣንጻር ህዝባዊ ኣድልዎ**) (OMOD) **ቴሌ**: 22 20 87 37, (www.omod.no)

## ንመሰላትኩም ዝምልከት ሕቶ ኣሎኩም'ዶ?

Pasient- og brukerombudet (**ተኸታተልቲ ሕሙማትን ተጠቀምትን**) **ኣብ እትነብረሉ ዞባ** (www.pasientogbrukerombudet.no)
Organisasjonen Mot Offentlig Diskriminering (**ማሕበር ኣንጻር ህዝባዊ ኣድልዎ**) (OMOD) **ቴሌ**: 22 20 87 37, (www.omod.no)

## ኣብ ክእለትን ብቕዓታትን ተርጎምቲ ጥርዓን ኣሎኩም'ዶ?

**ጥርዓንኩም ኣብቲ ትሕከሙሉ ዘለኹም ሕክምናዊ ትካል ከተቕርብዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

## ሕግታት ብዛዕባ መሰላት ሕሙማትን ግቡኣት ሰራሕተኛታት ጥዕናን

**ሕጊ ብዛዕባ መሰላት ሕሙማት (ፓስየንት ረቲሄትስሎቨን)**
**ሕጊ ብዛዕባ ሰብ ሞያ ጥዕና (ሄልሰ ፐርሶናልሎቨን)**

**እዚ ሓጺር ጽሑፋዊ መግለጺ'ዚ ብልዕሊ 20 ቋንቋታት ተተርጒሙ ይርከብ። ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መርበብ ኢንተርነት ክትረኽብዎ (ዳውንሎድ) ክትገብርዎ ይከኣል::**
www.nakmi.no
www.helsedirektoratet.no



# ሕሙማትን ተርጎምትን

## ሓጺር ጽሑፋዊ መግለጺ ብዛዕባ ተርጎምቲ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና

NAKMI

Helsedirektoratet

## ሕሙማትን ምትርጓምን

- ንስኻትኩም ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹምን ዝግበረልኩም ሕክምናን ብትፈልጥዎ ቋንቋ ሓበሬታ ክውሃበኩም ኣለዎ።
- ኣገልግሎት ጥዕና ተርጎምቲ ናይ ምቕራብ ግዴታን ሓላፍነትን ኣለዎ።
- ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ን ሕሙማት ብነጻ እዩ።
- ናብቲ ኣግልግሎት ጥዕና ብምድዋል ተርጎምቲ ክቕርቡልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ሽሕ'ኳ መዓልታዊ ቋንቋ ኖርወይ ትዛረቡ እንተኾንኩም፡ ተርጎምቲ ክትረኽቡ መሰል ክህልወኩም ይኽእል እዩ። እዚ ብፍሉይ ኣብ ብርቱዑን ሓዳርን ሕማማት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ስነ ኣእምሮኣዊ ሕማማት ኣብ ዝግበር ዝርርብ የገልግል።
- ብቑዓት ዝኾኑ ተርጎምቲ ጥራይ እዮም ኣብ ምትርጓም ዝጥቀሙ።
- ቆልዑ ከም ተርጎምቲ ከገልግሉ ኣይግባእን።
- ክኢላታት ሕክምና ብሓደ ውሑስ መንገዲ ናይ ጥዕና ሓገዝ ንክህቡ ግዴታ ኣለዎም። እንድሕር ተርጎምቲ ዘይደሊኹም እዚ ኣብ ጥዕናኹም ኣሉታዊ ሳዕቤን ከስዕበልኩም ከምዝኽእል ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ።
- ብቴሌፍን ዝግበር ምትርጓም ሓደ ጽቡቕ ኣማራጺ ኣብ ክንዲ ተርጎምቲ ኣብ ክፍሊ ምህላው ክኸውን ይኽእል።
- እንተድኣ ኣብ ናይ ቆጸራ ግዜ ክትርከቡ ዘይትኽእሉ ኴንኩም፡ ቅድሚ 24 ሰዓታት ናይ ቆጸራ ግዜ ነቲ ቆጸራ ከተሰርዝዎ ኣሎኩም።እንተድኣ ዘይጌርኩምዎ ናይ ዝርርብ ምስ ሓኪምካ ክትከፍሉ ትግደዱ።

## ብተርጎምቲ ኣብ ዝግበር ዝርርብ ከመይ ጌርኩም ብዝበለጸ ክትጥቀሙ ትኽእሉ??

- ብልክዕ ኣየናይ ቋንቋ ከምትዛረቡ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ግለጽሎም። እንተድኣ ብዙሓት ኣባላት ስድራቤት ዝመጹ ኮይኖም፡ ኩሎም ኣባላት ስድራቤት ዝርድእዎም ተርጎምቲ ምቕራብ ዝሓሸ እዩ
- ኣብ ዝተቖጸርኩምሉ ግዜ ተረኸቡ።
- ንስኻትኩም ኣብቲ ናይ ሕክምናዊ ዝርርብ እዋን ብዛዕባ እንታይ ክትዛረቡ ከምትደልዩ መደብ ኣውጽኡ።
- ሓጸርቲ ምሉእ ሓሳባት ተጠቐሙ፡ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ኣይትዛረቡ። ከምዚ ምስዝኾ'ውን ነቶም ተርጎምቲ ብትኽክል መንገዲ ንኽትርጉሙ ይቐለሎም።

## ተርጎምቲ እንታይ እዮም እንታይ እዩ ኸ ናታቶም ዕዮታት?

- ብቑዓት ተርጎምቲ ናይ ምትርጓም ትምህርቲ ዘልዎምን ናይ ምትርጓም ተሞክሮ ዘለዎምን እዮም።
- ዝርርብ ክጅመር ከሎ ስርዓታት ምትርጓም ብክልቲኡ ቋንቋ ይገልጹ።
- ተርጎምቲ ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን ጸግዒ ኣብቲ ዝርርብ ዘለው ኣይወስዱን።
- ተርጎምቲ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። ምጥሓስ ምዕቃብ ምስጢር ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ።
- ተርጎምቲ ኩሉ ዝተበሃለ ክትርጉምዎ ኣለዎም፡ ምኽሪ ክህቡ ወይ ናታቶም ሓሳባት ክውስኹ ግን ኣይክእሉን።
- ተርጎምቲ ክትርጉሙ ጥራሕ ኣለዎም። ንሕሙማት ይኹን ንሰብ ሞያ ጥዕና ዝኾነ ካልእ ዕዮታት ኣይገብሩን።
- ተርጎምቲ ክኾልፉ ኣይግብኦምን፡ ግና እቶም ሰብ ጉዳይ ዝተዛርብዎ ክትርጉሙ ግዜ ክረኽቡ ኣለዎም።
- ኩሎም ሕቶታት ናብ ተርጎምቲ ዘይኮነስ ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ክቐርቡ ኣለዎም።